# ማሕበራዊ ውሕስነት

# ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት ንቀዋሚ ነበርቲ ዩ. ኤስ

ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክትስደዱ ምድላይኩም ደስ ይብለና። ብመሰረት ኢሚግራንት ቪዛኹም፡ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ምስኣተኹም፡ ቀዋሚ ነባሪ ሕቡራት ሃገራት (ሕ.ሃ.) ክትኾኑ ኢኹም። ነብሲ ወከፍ ቀዋሚ ነባሪ ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት (ቁማው = SSN) ክህልዎ ይድለ። ቁማው (SSN) ኣብ ሕቡራት ሃገራት ክትሰርሑ፡ ምስ ባንክ ወይ ትካላት ፋይናንስ ጉዳያት ክተካይዱ፡ ግብርኹም ክትከፍሉ፡ ወይ ከም ግብሪ ክምለሰሉ-ዘለዎ-ጽግዕተኛ ንክትምዝገቡን ንኻልእ ጉዳያትን የድልየኩም።

## ቪዛ ክትሓቱ ከለኹም ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት ሓቲትኩም እንተኔርኩም:-

ቪዛ ክትሓቱ ከለኹም ቁማው (SSN) ካርድ ክወሃበኩም ኣመልኪትኩም እንተኾንኩም፡ ብመሰረት ወጻኢ ጉዳያት (ወ.ጉ.) ቅጥዒ ዲኤስ 230 (Form DS 230)፡ ካልኣይ ክፋል (Part II) ሕቶ 33 ሀ -ን ለን ዕድሜኹም'ውን 18 ዓመት ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይኑ፡ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ምስ ኣተኹም፡ ወጻኢ ጉዳያትን ክፍሊ ውሽጣዊ ውሕስነትን ሕ.ሃ.፡ ቁማው ንክነዳልወልኩም ዘድሊ ኩሉ ሓበሬታታት ክቕርቡልና እዮም። ስለዚ ንስኹም ፍሉይ ምልክታ ክተቕርቡ ወይ ቁማው ምእንቲ ክወሃበኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ውሕስነት ክትከዱ ኣይድልየኩምን እዩ።

ንሕና፡ ቁማው ክንምድበልኩምን፡ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ምስ ኣተኹም ድማ፡ ካርድ ማሕበራዊ ውሕስነት ቅድሚ ሕጂ ቁማው (SSN) ተዋሂቡኩም እንተነበረ'ውን ብኻልእ ሓድሽ ቁጽሪ ክንትክኣልኩም ኢና። ቁማው (SSN) ካርድኹም ናብ ሕ.ሃ. ዝርከብ ኣድራሻኹም ብኽፍሊ ውሕስነት ሃገር ሕ.ሃ. ክለኣኽልኩም እዩ። ካርድ ማሕበራዊ ውሕስነትኩም ኣብ ኣሜሪካ ምስ ኣተኹም ኣብ ውሽጢ 3 ሰሙናት ብኣድራሻኹም ክትርከቡዎ ይግባእ።

<u>ኣገዳሲ፡-</u> ኣብ ኣሜሪካ ምስ ኣተኹም ኣብ ውሽጢ 3 ሰሙናት ቁማው ካርድኹም እንተዘይበጺሕኩም፡ ወይ ድማ ኣድራሻኹም እንተለዊጥኩም፡ ደውሉልና። ክትድውሉልና ከለኹም፡ እዛ ደብዳቤ ምሳኹም ሓዝዋ ሕቶታትኩም ክንምልስ ክትሕግዘና እያ።

## ቪዛ ክትሓቱ ከለኹም ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት እንተዘይሓቲትኩም ወይ ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ:-

ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክትኣትው ከለኹም፡ ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፡ ወይ ቪዛ ክትሓቱ ከለኹም ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት (ቁማው = SSN) እንተዘይሓቲትኩም፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ውሕስነት ክትመጽኡ ይግብኣኩም። በጃኹም፡ ቀዋሚ ኣድራሻኹም ምስፈለጥኩም፡ ኣበየናይ ቤት ጽሕፈት ኬድኩም ካርድ ቁማው (SSN Card) ክወሃበኩም ክተመልክቱ ከምዘለኩም ምእንቲ ክንሕብረኩም፡ ደውሉልና።

ካርድ ማሕበራዊ ውሕስነት ንክወሃበኩም ክተመልክቱ ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ውሕስነት ክትከዱ ከለኹም፡ ዝስዕቡ ሰነዳት ሒዝኩም ቕረቡ፡-

- ፓስፖርትኹም ምስ ብማሺን-ዝንበብ ቪዛ ስደተኛ (ማዝቪስ = MRIV) ወይ ምሳኹም እንተሎ ካርድ ቀዋሚ ነባርነት (ቅጥዒ I-551 = FORM I-551)፣
- ምስክር ልደት ኣመልካትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ምስክር ልደት ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት ዝሓቱ ኣባላት ስድራኹም

ካርድኹም ክትክኣልኩም እንተኾንኩም ተመልክቱ ዘለኹም፡ ፓስፖርትኹም ምስ ማዝቪስ (MRIV) ወይ ድማ ተቐቢልኩምዎ እንተኾንኩም ካርድ ቀዋሚ ነባርነትኩም ቅጥዒ I-551 (Permanent Residential Card - Form I-551) ኣቕርቡ። ወኪል ማሕበራዊ ውሕስነት ቅጥዒ ምልክታኹም ክትመልኡ ክለኹም ክሕግዘኩም እዩ። ንምልክታኹም ክነሳልጥ ዘድልየና ኩሉ ሓበሬታ እንተረኺብና፡ ኣብ ክልተ ሰሙን ቁማው ካርድኹም ክበጽሓኩም እዩ። ዘቕረብኩምልና ሰነዳት ሓበሬታ ክነረጋግጾ ዘድሊ እንተኾይኑ ግና ዝያዳ ግዜ ክድልዮ እዩ።

ምምሕዳር ማሕበራዊ ድሕነት ባልቲሞር ምድ 21235-0001

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ቁማው (SSN) ንክትረኽቡ ትህቡና ሓበሬታ ስቱር ይኸውን። እዚ ማለት ንሕና ሕጊ ብዝውስኖ መሰረት እንተዘይኮይኑ እቲ ሓበሬታ ብስቱሩ ይነብር፡ ንዝኾነ ይኹን ዘይምልከቶ ኣካል ድማ ቃልዕ ኣይነውጽኦን ኢና። ሕጊ-ስቱርነት ብዘፍቅዶ መሰረት ግን ምስ ካልኦት ትካላት መንግስቲ ነቲ ሓበሬታ ክንካፈሎ ንኽእል ኢና። ብዛዕባ'ዚ ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊኹም ተወከሱና።

ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ኣብ መዝገብ ሓባር ቁጽሪ ስልክታት ኣብ ትሕቲ "መንግስቲ ሕቡራት ሃገራት" ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ውሕስነት ተዘርዚሩ ዝርከብ ቁጽርታት ተመልኪትኩም፡ ወይ ድማ ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት ዝብል ቁ. ስልኪ 1-800-77201213 ብነጻ ክትድውሉ ትኽእሉ። እታ ዝቐረበት ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ውሕስነት፡ ኣብ ኢንተርነት www.socialsecurity.gov ክትረኽብዋ ትኽእሉ። ቅድሚ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ምእታውኩም ክትራኽቡና እንተደሊኹም፡ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ኤምባሲ ወይ ቆንስል ኣሜሪካ ተወከሱ። ኣብ ፊልፒንስ ግና፡ ኣብ ከተማ ማኒላ ዝርከብ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ቬቴራንስ ኣፊይርስ ተወከሱ።

---